ፈነወ ዜና

ኤድዋርድ ቢ ሙራይ (Edward B. Murray)፣ ከንቲባ
ክሪስቶፈር ዊልያምስ (Christopher Williams)፣ ናይዚ እዋን ኣመሓዳሪ

ንህጹጽ ፈነወ ጥሪ 9, 2014

ተወከስቲ፡ ጆኤል ሃመርስታድ (Joelle Hammerstad) (206) 684-8020
ኢመይል joelle.hammerstad@seattle.gov

ናይ ሲያትል መናፈሻታት (Seattle Parks)፣ ኣኼባ ነበርቲ ኮሚቴ ምስ ማሕበረሰብ ብዛዕባ ዘሎተኽእሎ ምወላ መናፈሻ ናይ ምርጫ እማመ ዝግበረሉ መገዲ ንኽመያየጥ ኣኼባ ከካይድ እዩ

ናይ ስያትል መናፈሻታትን መዘናግዒን (Seattle Parks and Recreation) ንተኽእሎ ናይ 2014 መናፈሻን መዘናግዒን ምወላ ናይ ምርጫ እማመ ንምቅርራብ ብናይ ፓርክስ ሌጋሲ ኣማኸርቲ ኮሚቴ (Parks Legacy Citizens' Advisory Committee) ዝተሰርሐ ስራሕ ግበረ-መልሲ ንምርካብ ኣብ ጥሪ ሰለስተ ናይ ማሕበረሰብ ኣኼባታት ከካይድ ኢዩ።

ኣኼባታት ዝካየደሉ፡

- ሓሙስ ጥሪ 23፣ International District/Chinatown Community Center፣ 719 8th Ave. S፣ ሰዓት 6 ድ.ቀ.
- ቀዳም፣ ጥሪ 25፣ High Point Community Center፣ 6920 34th Ave. SW ፣ ሰዓት 1 ድ.ቀ. (ነጻ መሐለው ቆልዑት ከነዳልው ኢና)
- ሓሙስ፣ ጥሪ 30፣ Bitter Lake Community Center፣ 13035 Linden Ave. N ፣ ሰዓት 7ድ.ቀ.

እዚ ኣኼባታት እቲ ኮሚቴ ነቲ ዝርዝር ተበግሶታት ወፍሪ ብኽመይ ቀዳምነት ከምዝሰርዕ ዝገልጽ ሕጽር ዝበለ መግለጺ ክህልዎ ኢዩ። ብምቕጻል ከኣ ብክኢላታት ዝካየዱ ናይ ማሕበረሰብ ሓሳሳባት ዝሓቱ ሰለስተ ንጹር ክፍሊታት ዓውደ-ስራሓት ክስዕብ ኢዩ።

1. <u>ቀዳምነታት</u>። እቲ ማሕበረሰብ ኣብ መንነ እዘን ዝስዕባ ነቲ ጉቡእ ሚዛናዊ ሚዛን ረኺቡ ዶ: 1) እቲ ከተማ ድሮ ዝውንኖ መናፈሻን መዘናግዒን ሃብቲታት ምክንኻን፤ 2) ነቲ ማሕበረ ሰብ ዝኸውን ናይ መውላ ፕሮግራማት፣ ክፍሊታትን ኣገልግሎታትን ፣ ከምኡ'ውን 3) ንብረት ናይ ፓርክ ንዝኾነ "ዝተሓዝአ መሬት" ኣብ መጻኢ ንኽመዕብል ምድላውን ሓድሽ ናይ ፓርክ መሬታ ምድላው?
2. <u>መጠን</u>። ተኻፈልቲ ኣኼባ ዝተፈላለየ ደረጃ ናይ ምወላ ንናይ ወነንቲ ንብረት ግብሪታት ብኽመይ ከምዝጸልዎምን፣ ከምኡ'ውን ንአየናይ ዓቐን ናይቲ ምወላ ጥቕላል ቅኑዕ ከም ዝመስልን ይመሃሩ።
3. <u>ምወላ ዝግበሩሉ መገድታት</u>። ኣካየድቲ ኣኼባ ኣብ መንነ ናይ ሓጺር-እዋን፣ ነዊሕ-እዋን፣ ከምኡ'ውን ቀዋሚ ውርሲታት ዘሎ ፍልልያት፣ ከምኡ'ድማ እዚኣቶም ምስ ኣቀራርጻ ርእሰ-ከተማዊ መናፈሻታት ዞባ metropolitan parks district (MPD) ብኽመይ ከም ዝነጻጸሩ ክገልጹ እዮም። ደሓር እቶም ተኻፈልቲ ኣኼባ ን Seattle ኣየናይ ኣገባብ ኣሰራርሓ ከም ዝሰማምዓ ግበረ-መስሊ ክህቡ ክሕተቱን፣ ብዛዕባ ነፍሲ ወከፍ ኣማራጺ ሓሳባቶም ክለዋወጡ ወይ ስክፍትኦም ክነግሩ ዕድል ይወሃበም።

ናይ ስያትል መናፈሻታትን መዘናግዒን (Seattle Parks and Recreation)፣ እቲ መሰረታዊ ሃናጺ ምወላ ናይ ምርጫ እማመ ዝኾነ፣ ኣብ ናይ ፓርክ ሌጋሲ ውጥን (Park Legacy Plan) ክስርሕ ካብ ዝጅመር ልዕሊ ሓደ ዓመት ሓሊፈዎ ኣሎ። እቲ መስርሕ፡ ምስ ናይ ማሕበረሰብ ተኸታተልቲ ነገራትን ናይ መናፈሻ-ተጠቀምቲ ቅየሳታትን፣ ካብቲ ምሉእ ከተማ ሓሳባት ንምእካብ ብዝተገበረ ሽዱሽተ ናይ ህዝቢ ኣኼባታት ኢዩ ተጀሚሩ። እዚ መስርሕ፡ ናይ ስያትል መናፈሻታትን መዘናግዒን፡ ብኸመይ እቲ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ጠለብ ናይዛ ኣንደቕዳቒት ከተማ እቲ ሓባራዊ ናይ ዘመርቲ ድምጺታት ኣብቲ ዝርርብ ንምምጻእ ኢዩ ኣድሂቡ።

ናይ ስያትል መናፈሻታት (Seattle Parks)፡ እታ ካልኣይቲ ሓርፋፍ ጽሑፍ ናይ ፓርክስ ሌጋሲ ውጥን (Parks Legacy Plan) ኣብ ሰነ 2013 ድሕሪ ምዝርግሑ፣ ናይታ ከተማ ከንቲባን ናይታ ከተማ ኣማኸርቲን ናይቲ መናፈሻ ምወላ ናይ ምርጫ እማመ ንምንታይ ከምዝኸፍልን እንታይ ዓይነት ኣገባብ ኣሰራርሓ ምወላ – ውርሲ ወይ ርእሰ-ከተማዊ መናፈሻታት ዞባ ከም ዝኸውንን ምኽሪ ንምሃብ ወለንታዊ ናይ ፓርክስ ሌጋሲ ነበርቲ ኣማኻርቲ ኣኼባ (Parks Legacy Citizens' Advisory Committee) ጸዊዖም።

ኣብ ታሕስስ፣ እቲ ኮሚቴ ፈላሚ ጸብጻቡ ከምኡ'ውን ከምወሉ ኣለዎም ኢሉ ዝኣምነሎም ቀዳምነት ዘለዎም ዝርዝር ፕሮግራማትን ኣገልግሎታትን ቀዳማይ ሓርፋፍ ጽሑፉ ፈንዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣኼብኡ፣ እቲ ኮሚቴ ናይ ህዝቢ ሓሳባት ወሲዱን፣ ኣብ ሕዳር ከኣ ናይ ህዝቢ መጋብእያ ኣካይዱ።

ኣብቲ ናይ ጥሪ ናይ ማሕበረሰብ ኣኼባታት፣ ህዝቢ ብዝያዳ ናይቲ ኮሚቴ ለወባታት ክፈልጥ ኢዩ፣ ብዛዕባ ናይቲ ምወላ ተኽእሎ ኣማራጺታት ፍልጠት ክህልዎ ኢዩ፣ ከምኡ'ውን ምስቶም ናይቲ ኮሜቴ ኣባላት ክራኸብን ክዛራረብን ኢዩ።

ድሕሪ ናይ ጥሪ ናይ ማሕበረሰብ ኣኼባታት፣ እቲ ኮሚቴ፣ ነቲ ኣብ ናይ ህዝቢ ሓሳባት ዝተመርኮሰ ፈላሚ ለወባታቱ ክግምግምን፣ ምናልባት ነቲ ጽሑፉ ክእርምን እንደገና ክእከብ ኢዩ፤ ከምኡ'ውን ዓቐንን ዓይነት ናይቲ ምወላ እማመ ክዝትይን ለወባታት ክህብን ኢዩ። ኣብ መጋቢት 12 ከኣ እቲ ኮሚቴ እቲ ለወባታቱ ንከቲባን ንናይታ ከተማ ኣማኻሪን ክሰድድ ኢዩ።

ኣባላት ኮሚቴ ከኣ፡ ባርባራ ራይት (Barbara Wright)፣ ተሓጋጋዚት-ኣደመንበር፣ ቻርልስ ዛራጎዛ (Charlie Zaragoza)፣ ተሓጋጋዚ ኣቦመንበር፣ ታቸር በይሊ (Thatcher Bailey)፤ ስተቨ ዳሸለ (Steve Daschle)፤ ጁሊ ፋሪስ (Juli Farris)፤ ቢል ፋርመር (Bill Farmer)፤ ቶማስ ጎልድስቴን (Thomas Goldstein)፤ ጀሲ ኢዝራኤል (Jessie Israel)፤ ዲያና ኪንካድ (Diana Kincaid)፤ ሚካኤል ማዱክስ (Michael Maddux)፤ ብሪስ ማርይማን (Brice Maryman)፤ ዮላንዳ ጂል ማሱንዲረ (Yalonda Gill Masundire)፤ ሙስጣፋ ማትስ (Mustapha Math)፤ ኤሪካ መሎሪ (Erika Melroy)፤ ከምኡ'ውን ዳቪድ ናሙራ (David Namura) ኢዮም።

ዝያዳ ክትፈልጡን፣ ናይ ለጋሲ ኮሚቴ ጊዜያዊ ጸብጻብ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.seattle.gov/parks/legacy/committee፣ ወይ ቅዳሕ ኣብ ማሕበረሰብ ማእከላትን መሐንበሲታትን ኣለኩም። እዚ ግዜያዊ ጸብጻብ፡ ናይቲ ኮሚቴ መስርሕ፣ መሰረታዊ ርትዒን ግዜያዊ ለወባታትን ይዝርዝር።

ዝርዝር ሓበሬታ ብዛዕባ ነፍሲ ወከፍ ዝተኣመመ ወፈራን ክኸውን ዝኽእል መስርሕ ኣገባብ ምወላን'ውን ኣብ ናይ ፓርክስ ሌጋሲ ናይ ነበርቲ ኣማኻሪ ኮሚቴ (Parks Legacy Citizens' Advisory Committee) መርበብ ሓበሬታ ኣለኩም፣ ኣብቲ ኣኼባታት ከኣ ክህልው ኢዩ።

እቶም ሓሳባት ክህቡ ዝደልዩ፣ ግን ናብቲ ኣኼባታት ከምጹ ዘይኽእሉ፣ ምስቲ ናይ ቃል ለወባ ማዕረ ሚዛን ዘለዎ፣ ብጽሑፍ ዝተዳለወ ለወባታት ክህቡ ይኽእሉ ኢዮም። በጃኹም ለወባታትኩም ኣብ parkslegacy@seattle.gov ብኢመይል ስደድዎ።

ኣብ ቲ ኣኼባ፣ ናይ ምትርጓም ኣገልግሎታት ወይ ፉሉይ መሳለጢያታት ዘድልየኩም እንተ ኾይኑ፡ ብኽብረትኩም ኣብ parkslegacy@seattle.gov ኢመይል ልኣኹ ወይ ንሱዛን ሮከዌል (Susanne Rockwell) ኣብ ቁጽሪ ስልኪ 206-733-9702 ብምድዋል ከተዛራርብዋ ትኽእሉ ኢኹም።

# # #